# ዅነታት ሃገርና ትማልን ሎምን ጽባሕን

**ቃለ-ምሕታት ምስ ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃ**



(8ይ ክፋል) ለንዶን *4 2* ሕዳር *2009* ዓ.ም

ብሓልዮት መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ© ሕዳር 2009 ዓ.ም.

**ሕቶ**: ኣብ ወጻኢ ሃገራትከ ከም ሃገር ቱርኪ: ሃገር ኢራን: ሃገር ፓኪስታን: ህንዲ ኣፍጋኒስታን ወዘተ… ንቋንቋ ዓረብኛ ንዓረብነትን ዝምልከት: እስከ ንመረዳእታ ዝኣክል ከመይ ከምዝኾነ ኣዘንትውልና።

**መልሲ**: እዞም ኩሎም ዝጠቐስካዮም ቍርኣኖም ብዓረብኛን ብቋንቋኦምን'ዩ። ሃይማኖቶም ድማ ምስልምና እዩ። መንነቶም ግን ኣዕራብ ኣይኮኑን። ህዝቢ ቱርኪ ንኣብነት ሃይማኖቱ ምስልምና'ዩ። እቲ ቅዱስ መጽሓፍ ቍርኣኑ ግና ብቋንቋ ዓረብኛ ስለዝተጻሕፈ: ብቋንቋ ቱርክኛ ተርጒሞም'ዮም ዝጥቀምሉ። ቋንቋኦም ዓረብኛ ክኸውን ንሶም'ውን ኣዕራብ ክኾኑ ግን ገልጻሕ ኣይብሉን'ዮም። በቲ ቱርኪ መንነቶምን ብምስልምና ሃይማኖቶም ኲሪያም ከኣ ይነብሩ ኣለው። እቶም ኣብ ሃይማኖት ምስልምና ዝኣምኑ ህዝቢ ፓኪስታን ኣፍጋኒስታን ህንድን ኣንተኾኑ'ውን: ቋንቍኦም ኡርዱን ሂንዱን ኣንግሊዝኛን'ዩ። ቍርኣኖም ከኣ ካብ ቋንቋ ዓረብ ኣብ ቋንቋ ኡርዱ ተተርጒሙ ዝተጻሕፈ'ዩ። ብፓኪስታንነቶምን ብህንዳውነቶምን ብሃይማኖቶምን ኲሪያም ድኣ ይነብሩ ኣለው'ምበር ኣዕራብ ግን ኣይኮኑን።

**ሕቶ**: ሕዝቢ ኤርትራ ድኣሞ ኣንታይ'ዩ ጸገሙ?

**መልሲ**: ህዝቢ ኤርትራ ብገርሁ ድዩ ብፍርሑ: ነቲ ሰበ-ስልጣናት ዓባይ ብሪጣንያ ንኸፈላልዩዎ: ቋንቋ ዓረብ 2ይ ዕላዊ ኤርትራ ክኸውን ኣለዎ ኢሎም ዘተኣተውሉ ውዲታዊ ሓሳብ: ቋንቋ ዓረብ ከም ቋንቋኡ ገይሩ ተቐቢሉዎ። እቶም ሽዑ ዝነበሩ ዓበይትን ተጸዋዕቲ ዓድታትን ክርስትያንን ኣስላምን ግና "ኣይፋሉን ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ: ክልተ ዓበይቲ ቋንቋታቱ ትግረን ትግሪኛን'የ: ዓረብኛ ቋንቋኡ ኣይኮነን" ኢሎም ብትብዓት ተቓዊሞሞ ነይሮም'ዮም። ብሕልፊ ደቂ ጀበርቲ ግን "ዓረብኛ ይሕሸና" ኢሎም ስለዝኣበዩ: ብቐስብ ቋንቋ ዓረብ ባዕዳዊ ቋንቋ ክነሱ ወግዓዊ ቋንቋ ኤርትራ ተባሂሉ። ኣብቲ ሰውራ ኤርትራ'ውን: መራሕቲ ኤርትራ ንቐልዓለም ንኣዕራብ ክመስሉ ብእኡ ቀጺሎሞ'ዮም። ብኸም'ዚ ድማ እቲ ህዝቢ ከይፈቶ: ንቋንቋ ዓረብ ከም ካልኣይ ወግዓዊ ቋንቋ ገይሩ ተቐቢሉዎ። እቶም ትግሪኛ ተዛረብቲ'ውን ብቐላዓለም ከይፈተው ተቐቢሎሞ። ብኸም'ዚ ከኣ ክሳብ ሎሚ ይቕጽል ኣሎ። ኣዚ'ዩ እቲ ታሪኽ። ንኣዕራብ ክትመስልን ዓረብ ክትከውንን ኢልካ ዓረብኛ ቋንቋ ክትዛረብ ገልጻሕ ምባል ግን: ብመንነትካ ምጥላዕ ጥራይ እዩ።

**ሕቶ**፡ ድሕሪ ምውጻእ <u>ዓባይ ብሪጣንያ ካብ ኢትዮጵያኸ መን ተተካኤ</u>?

**መልሲ**፡ ድሕሪኡ ዝብል ለባም። ኢትዮጵያ እንተኾነት'ውን፡ ድሕሪ ምውጻእ ኮሎንያል ጣልያን ዕድሎታ ኮይኑ ካብቶም ኣንጻር ኮሎንያል ጣልይን ዝረጋረጉ ዝነበሩ: ጀጋኑን ኣርበኛታትን ኢትዮጵያውያን ደቃ: መራሒ ክትረብ ኣይተዓደለትን። ብኣንጻሩ ግና ኣብ ሃገረ ኣንግሊዝ ሓኪሉን ተሰዲዱን ዝነበረን: ኣብ ግዜ ዅናት ከኣ ብራሾ ማይ ዘየቐበለን፡ ዅርኩር ዓባይ ብሪጣንያ ዝኾነ "ንጉስ ሃይለስላሴ" ንኽገዝኣ ተመዚዙ። ንህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ንሱን ማይቤቱን ጥራይ፡ ብመስፍናዊ መግዝእቲ ን*40* ዓመታት ዝኣክል ብድሑር መስፍናዊ መንግስቲ ገዝኡዋ።

**ሕቶ**፡ ንጉስ ሃይለስላሴኸ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖት: እንታይ ዓይነት ጒድኣት ኣስዒቡ?

**መልሲ:** ንጉስ ሃይለስላሴ በቲ ብመራሕቲ ዓባይ ብሪጣንያ ዝተዋህቦ ለበዋ፡ ንኤርትራ ልዑላውነታ ቀንጢጦ፡ ብዘይ ድልየት ህዝባ ኣካል ኢትዮጵያ ኮይና ንኽትግዝእ ዘይተኣደነ ውዲት እዩ ፈጺሙ። ንኣብነት ኣብ እዋን ምፍራስ ፌደረሽን ኤርትራን ቅድሚኡን ዝነበረ መዋእልን፡ ኣብ ኤርትራ ኣቡነ ማሪቆስ ዝተባህሉ ብጹእ ወቅዱስ ፓትሪያርክ ኮይኖም ብመንበረ ጵጵስና ኣለክሳንደርያን ዝተቀብኡ፣ ንኹለን ገዳማትን ኣድባራትን ኤርትራ እናባረኹን ኣናቀደሱን: ንኹሎም ካህናትን ኣቡናትን ድማ እናቐብኡን ነጻ መንፈሳዊ ኮይኖም የማሕድሩ ነበሩ። ብትእዛዝ መንበረ ጵጵስና ኢትዮጵያ ግና ኣይኮኑን ዝሰርሑ ዝነበሩ። ሓደ እዋን ግና ንጉስ ሃይለስላሴ ብመደብ፡ ካብ ኣስመራ ንኣዲስ ኣበባ ጠሊቡ ከምዚ ዝስዕብ በሎም፡- "እዚ ሕዝካዮ ዘሎኻ መዓርግ፡ ካብ ጣልያን ዝተቐበልካዮ ስለዝኾነ ክቕንጠጥ ኣለዎ። ብኣና ተሓድሶ ተገይሩልካ ከምብሓድሽ ብኢትዮጵያዊ መንበረ-ጵጵስና ክትቅባእ ኣሎካ"። ንሶም ግን ከም'ዚ ዝብል መልሲ ሃቡዎ፡- "እነ ብፍቓድ ኣምላኽ፡ ማዕረ ከምቶም ኣቡን ኢትዮጵያ: ብግቡእ ብመንበረ ጵጵስና ኦርቶዶክሳዊት ኣለክሳንድርያ ምሉእ መዓርግ ፓትሪያርክ ተዋህቡኒ፡ ንብዙሕ ዓመታት ድማ ንኣድባራትን ኣብያተ-ክህነትን ገዳማትን ሓራ ኰይነ ክባርኽን ክቕድስን ዝጸናሕኩ'የ። ኣምላኽ ዝሃበኒ መንፈሳዊ መዓርግ ግና: ሕጂ ንስኻ ዓለምዊ-ንጉስ ኣይትቕንጥጠን እኻ": ኢሎም ምስ ኣቕበጽዎ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሓየሮም።

**ሕቶ:** ድሕሪኡ'ኸ?

*መልሲ:* ብድሕሪ'ዚ ኣብ መመረቕታ ቤተ-ክርስትያን ኣስተርእዮ ማርያም ከተማ ባጽዕ፡ ፓትርያርክ መምበረ ጵጵስና ሳይብረስ ዝነብሩ ፓፓ መንቆርዮስ: ንኽባርኹ ተባሂሎም ካብ ኦርቶዶክሳዊት ብሃይለስላሴ ዕድመ ምስተገብረሎም: "ኣነ ዕድመይ ኣኽቢረ ኣብቲ ጽንብል ቅድስቲ ኣስተርእዮ ማርያም ቤተ-ክርስትያን ክመጽእ ኣቡነ ማሪቆስ ፓትሪያርክ ገዳማትን ኣድባራትን ኤርትራ ምሳይ ትዓዲሞም ምሳይ ኮይኖም ክባሩኹዎ ባህ ኣናበለኒ ክመጽእ'የ፡ ኣቡነ ማሪቆስ ዘይብሉ ግን ኣብቲ ምመረቕታ ንኽመጽእ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን" በሉዎ። ካብኡ ሃይለስላሴ ንኣቡነ ማሪቆስ ካብ ማሕዩር ወጺኦም ንምጽዋዕ ንክኸዱ ትእዛዝ ኣመሓላለፈሎም። ካብ ኣዲስ ኣበባ ድማ ብነፋሪት ንኣስመራ ኣተው። ብሓደ ሓላፊ ስለላ ሃይለስላሴ ዝነበረ ነጋዳይ ፊኖ: ግርያ-ጋንስ ብሳዳ ዝተባህለ ግብጻዊ: ምስ ዓበይቲ ዓድን ሊቃነ-ካህናትን ድማ ኣብ ኣርያ-ፖርት እስመራ ተቐበሉዎ። ካብኡ ድማ ብፍልይቲ መኪና ንባጽዕ ክጉዓዙ ተመደበ። በቲ ብንጉስ ሃይለስላሴ ዝተመዘዘ ሰላዪ ግብጻዊ ዝተመርጸ መራሕ-መኪና (ኣውቲስታ) ንባጽዕ ንክጉዓዙ መደብ ኣውጽኤ። መሪሑዎም ንመንገዲ እቲ ሰላዪ ግብጻዊ ብቕድሚት እቲ ንኣቡነ ባጽዕ ማሪቆስ ጽዒኑ ዝነበረ ድማ ደድሕሪኣኡ እናተጓዕዙ ከለው ድማ: ኣብ ደንጎሎ ታሕታይ ምስ በጽሑ: እቲ ኣውቲስታ ካብ መኪና ወሪዱ ንኣቡነ ማሪቆስ ምስታ ማኪና ንጸድፊ ኣጽደፎም። ብኸምዚ ከኣ ኣቡነ ማሪቆስ ብመደብ ንጉስ ሓይለስላሴ ተቀንጸሉ። እቲ ኣውቲስታኦም ዝነበረ ከኣ: ክሳብ ሎሚ ብህይወቱ ኣነብር ኣሎ።

**ሕቶ**: <u>ብጹእ ወቕዱስ</u> ኣቡነ ማሪቆስ <u>ዘሃገረ ኤርትራ ዝነበሩ</u>: ኣበይ እዩ ዓዶም።

**መልሲ:** ኣቡነ ማሪቆስ ዓዶም ሰሳሕ ወረዳ እንጋንኣ: ኣብ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ እዩ።

**ሕቶ:** እሞ ሃይለስላሴስ ንኦርቶዶክሳዊት መምበረ ጵጵስና ኢትዮጵያን ሓልዩ ዘይኮነ: ንልዑላውነት ሃይማኖት ኤርትራ ንምቕንጣት'ዩ ማለት'ዩ?

**መልሲ:** እወ። ልዑላውነት ሃይማኖቱ ዝተቐንጠጠ ህዝቢ ልዑላውነት ሃገር የብሉን። ንመረድኢ:-
መምግዝእቲ ቱርክን ግብጽን ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ህዝበ ክርስትያን፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ኦርቶዶክሳዊት ቤት-ክርስትያንን መንፈሳውያን መራሕታን፡ ዘይተኣደነ ግፍዕታት ከምዝፈጸሙ ኣቕዲመ ገሊጸዮ እየ። ስለምንታይ ግዝኣተ-ቱርክን ግብጽን ከም'ዚ ኣረሜናዊ ግፍዒ'ዚ ፈጺሞም ንዝብል ሕቶ ድማ፡ ንልዑላውነት ሃይማኖት ክርስትና ኤርትራ ንምቕንጣጥ ጥራይ እዩ። ኮሎንያል ጣልያን ንኣቡነ ጴጥሮስ ኦርቶዶክስ ቤተ-ክርስትያን ኢትዮጵያ ክቕንጽሎም ከሎ ኣረሜናዊ ግፍዒ'ዩ ፈጺሙ። ስለምንታይ ኮሎንያል ጣልያን ከምዚ ኣረሜናዊ ግፍዒ'ዚ ፈጺሙ ንዝብል ሕቶ ከኣ፡ ንልዑላውነት ሃይማኖት ኢትዮጵያ ንምቕንጣጥ ከምዝኾነ ርዱእ'ዩ።

ከምቲ ግራስያኒ ንኣቡነ ጴጥሮስ ዝቐንጸሎም: ንጉስ ሃይለስላሴ ድማ ንብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ማሪቆስ: ብረቂቕ ሜላ ኣብ ቊልቊሎት ደንጐሎ ብሓደጋ ማኪና ከምዝቐንጸሉ ገይሩ። መኽንያቱ ድማ ዓላማን መደብን ስለዘለዎ'ዩ። ንልዑላውነት ሃይማኖት ህዝቢ ኤርትራ እንተድኣ ቀንጢጡ ልዑላውነት ሃገር ድማ ብቐሊሉ ይቕንጠጥ ኣሎ ማለት'ዩ። ንሓንቲ ሃገር ልዑላዊት ሃገር ከብላ ዝኽእል መሬታ ጥራይ ኣይኮነን። ባህላን ክቡር ሃይማኖታን ኵሉ ማሕበራዊ ትሕተ-ቅርጻን'ዩ። ብሓጺሩ ብዘይ ባህልን ሃይማኖትን ልዑላውነት ሓደ ሃገር ከንቱ'ዩ። ብኸም'ዚ ከኣ'ዩ ንጉስ ሃይለስላሴ ንኤርትራ፡ ቅድም ባንዴራኣ ኣውሪዱዎ፡ ባይቶኣ ኣፍሪሱዎ፡ ሕገ-መንግስታ ኣብ ፍትሃብሔር ቀይሩዎ። ህዝቢ ኤርትራ ትግሪኛ ቛንቋኡ ተደምሲሱ ብቛንቛ ኣምሓሪኛ ተተኪኡ። ብኸምዚ ከኣ ክብርን ልዑላውነትን ቤተ-ክርስትያኑ ተቐንጢጡ፡ ብፓትሪያርክ ኢትዮጵያ ከምእዘዝ ተቐሲቡ። ድሕሪ ሰለፉ እንታይ ተረፉ፡ ኮይኑ ድማ: ኤርትራ ደፋእ ኣናበለት ጠቕሊላ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ከምትኣቱ ኮነት።

**ሕቶ**: ወይ ጉድ! እሞ ኣብ ኤርትራስ ታሪኽ እናተደግመ'ዩ ገና ዝቕጽል ዘሎ ማለት'ዩ?
ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብትእዛዝ ኢሰያስ ዝፍጸም ዘሎ ፍጻሜታት'ውን: ነቲ ቀደም ዝነበረ ታሪኽ ዝደግም ዘሎ'ዩ ዝመስል። እስከ ብዛዕብኡ ተንትኑልና።

**መልሲ፡** ከመይ ድኣ፡ ምድጋም ጥራይ ዘይኮነስ መቐጸልታ ኮይኑ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ባዕዳውያን ዘየሳለጥዎ መደብ-ዕዮ ንምስላጥ እዩ'ምበር። ኣብ'ዚ ዘሎናዮ መዋእል ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ብፋሺስቲ ኢሰያስ ብቐጻሊ ዝፍጸም ዘሎ ነውራም ፍጻሜታት: እዚ-ሰብዚ ቃሕ ስለዝበሎ ዝፍጽሞም ዘሎ ፍጻሜታት ጥራይ ኣይኮኑን። ወይ እዚ-ሰብዚ ኣብ ስልጣን ኮፍ ንኽብል ኢሉ ዝመሃዞም ዕዮታት ኣይኮኑን። ኣንታይድኣ ንፖለቲካዊ ጕዳይ ኤርትራ ብድልየት ህዝቢ ዘይኮነስ ብድልየት ጕይቶት እዚ-ሰብዚ ዝተቐየሰን ዝተሓንጸጸን መደብ: በብሓደ ንኽተግብሮ'ዩ እቲ ምስጢር። ብሓጺሩ እዚ ፕሮጀክት'ዚ ንኢሰያስ ብመደብ ተሓንጺጹ ዝተዋህቦ ስለዝኾነ: ከምስራሕ ወሲዱ ከተግብሮ ይርኤ'ሎ። ተውሳኺቱ እዚ-ሰብዚ እኳ: ፈጽም ዝተባህሎ ኣከይ ፍጻሜታት ምፍጻም ኣንተዘይኮይኑ: እንታይ ካልእ ስራሕዶ ይሰርሕ ኣሎ'ዩ። ህዝቢ ኣኤርትራ'ኳ ብዘይ መንግስቲ'ዩ ዝነብር ዘሎ። <u>ንብጹእ ወቅዱስ ፓትሪያርክ ኣንጠንዮስ ዘሃገረ ኤርትራ ዝኣኽሉ</u>: ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክዳጕኖም ከሎ: ንክርስትያን ህዝቢ ኤርትራ ይሰርሓሉ ኣሎ ማለት ድ'ዩ?። ምስቲ ጀነራል ግራስያኒ ኣብ ልዕሊ ኣቡነ ጴጥሮስ ኢትዮጵያ ዝወሰዶ ስጕምትን: ምስት ሃይለስላሴ ኣብ ልዕሊ ኣቡነ ማሪቆስ ዝወሰዶ ነውራም ተግባርን: ሎሚ በዚ ጸሊም-ጣልያን ኣብ ልዕሊ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንይፕስ ተፈጺሙ ዘሎ ነውሪን ሓደዶ ከይኮነ። ስትራተጂ ባዕዳውያን ጸላእቲ'ኳ ቅድሚ ንሓንቲ ሃገር ጨሪሶም ዝቋጻጸሩዋ: ሃይምኖታን ባህላን መሬታን መሰል ህዝባን እዮም ዝግህሱ ዘጥፍኡን። እዚ ሎሚ ኢሰያስ ደፋእ እናበለ ዝፍጽሞ ዘሎ ፍጻሜታት ድማ ብመልክዕን ብሜላን ድኣ ይፍለ ይኸውን እምበር ከኣብቲ ዓላማ ባዕዳውያንን ዝያዳ እንተዘይኮይኑ ዝፍለ ኣይኮነን።

**ሕቶ**: እዞም ኣባ እንጦንዮስ ቀዳምዊ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ወፓትሪያርክ ዘሃገረ ኤርትራ <u>ሎሚ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኢሰያስ ዝሳቐዩ ዘለው፡</u> ኣበይ እዩ ዓዶም? መንነታዊ ቅልውላው ኣለዎም ድዩ? እስከ ካብቲ ትፈልጥዎ ታሪኽ ህይወቶም (ባዮግራፊ) ብሕጽር ዝበለ ኣዘንትዉልና።
**መልሲ፡** እዞም <u>ብጹእ ወቕዱስ ኣቦና ፓትሪያርክ ኣንጠንዮስ ዘሃገረ ኤርትራ</u>: ብወለድኦም ዝኾርዑ ዓዶም ኣብ ማእከል ሕምብርቲ ወረዳ ለጎ-ጭዋ ኣብ ኣውራጃ ሓማሴን'ዮም። ብዛዕባ ኣታዓባብያኦምን ታሪኽ ህይወቶም ድማ ጸገም የለን ብመጠኑ ክገልጸ እኽእል'የ። እዞም ሎሚ በዚ ምጽእተኛን ዕሉብን ኢሰያን ተሓይሮም ዘለው <u>ብጹእ ወቕዱስ ኣቦና ፓትሪያርክ ኣንጠንዮስ</u>**:** ካብ ኣቡኦም ቀሺ ገብረ-መድህን ደብረ-ጽዮን ካብ ኣዲኦም ውይዘሮ ኢለን ቀለታ ኣብ ዓዶም ሕምብርቲ ብ*1927* ዓ.ም. ተወሊዶም። ምጸውዒ ስሞም ድማ የማነ-ብርሃን ተባሂሎም ተሰይሞም። ወዲ ሔማን ወዲ ቃል-ኪዳንን ኮይኖም ብሽርዓትን ብመንፈስን ከኣ ተኰስኵሶም ዓበዩ። ወዲ *5* ዓመት ምስ ኮኑ ወላዲቶም ወይዘሮ ኢለን ቀለታ: (ጸኒሔን ኢታይ ኢለን ዝተባህላ) ብመንፈስ ተኾስኵሶም መታን ክዓብዩ: ኣብ <u>ገዳም ጽጌ ኣቡነ-እንድርያስ</u> <u>ሰፍኣ ወፈይኦም</u>። ኣብ ሰዊት ዕድሜኦም ከኣ ወዲ *12* ዓመት ከለዉ መዓርግ ዲቊና ተቐበሉ። ብ*1950* ዓ.ም. ኣብ *23* ዕድሜኦም ድማ: በቶም ሓይለስላሴ ኣብ መንገዲ ደንጎሎ ካብ ማኪና ኣጽዲፉ ዘቐንጸሎም: ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ማሪቆስ መዓርገ-ክህነት ተቐብኡ። ክሳብ *1955* ዓ.ም. ዝተፋላለየ ኣገልግሎት ገዳም ከገልግሉ ድሕሪ ምጽናሕ ድማ**:** *1955* ዓ.ም. ብማሕበር ገዳም ንኣበምኔት ተሓርዮም <u>"መምህር የማነ ብርሃን" ተባሂሎም</u>: ኣበምኔት <u>ገዳም ጽጌ ኣቡነ እንድርያስ</u> <u>ሰፍኣ ኮኑ</u>። ኣብኡ ኮይኖም ከኣ <u>ዝንኣድ መንፈሳዊ ኣገልግሎቶም ይህቡ ነበሩ</u>። ነቲ ብሉጽ መንፈሳዊ ኣገልግለቶም ብምርኣይ: ብመላእ መእመናን


ብሓልዮት መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ© 2009 ዓ.ም.

ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ተመሪጸም ካብ ዅለን ገዳማትን ኣድባራትን ኣኤርትራ ዝተዋጽኡ: ካብ 200 ካህናትን ሊቀ-ካህናትን ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ብ199 ድምጺ ሓደ ካብቶም 5 ንጽጽስና ዝተሓርዩ ዓበይቲ ኣቦታት መነኮሳትን ሊቀ-ካህናትን ኮይኖም፡ ብ19.06.1994 ዓ.ም. ኣብ 67 ዕድሜኦም፡ ብኣቡነ ሲኖዶስ ኣለክሳንድርያ መዓርግ ጵጵስና ተቐብኡ። ጳጳስ ማእከል ኣስመራ ኮይኖም ድማ ኣብ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ ብዓቃቤ መንበርነት ተመዚዞም ኣገልገሉ። ብሓላፍነት ዓቃቤ መንበርነት፡ ዝንኣድ መንፈሳዊ ኣገልግሎ ድሕሪ ምግልጋል ከኣ ብ1998 ዓ.ም. ድሕሪ ዕረፍት-ሞት ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ያቆብ: ብዕለት 3 ወርሒ የካቲት 2004 ዓ.ም. <u>ብጹእ ወቕዱስ ፓትሪያርክ</u> ቀዳምዊ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ወፓትሪያርክ ዘሃገረ ኤርትራ ተባሂሎም ኣብ መንበረ ጵጵስና ኤርትራ ተቐመጡ። ብዕጣን ዝተሰንየ ምህለላን ጸሎትን ኣብ ልዑል ኣምላኽ እናኣዕረጉ ድማ ህዝቦም ይባርኹ ነበሩ።

ሕቶ: መንድኣ መዕርጎም ቀንጠጦም? ስለምንታይን ብከመይን ድኣ ተኣስሩ? ከመይከ ነበረ እቲ ኣገባብ ኣተኣሳስርኦም?

መልሲ: ብሓሶትን ብጥቀናን ብዘይ መኽንያት'ዮም ተኣሲሮም። ኣብ ዘመን መግዛእቲ ኢሰያስ ኣብ ኤርትራ: ቅልውላው መንነት ዘለዎም ዓለማውያን ጥራይ ዘይኮኑ "መንፈሳውያን" ዝብሃሉ'ውን ብዙሓት ሰለይቲ'ዮም ዘለው። "ኣቡነ መንግስቱ ኣበበ" ዝተባህሉ ኣባት-ነብሲ ኢሰያስብ ሰላዪ ብዓል ሽጉጥ ኢትዮጵያዊ ኣምሓራይ: ኣብ ወረዳ መንዝ ሸዋ ዝመበቆሎም፡ ክሳብ ሎሚ'ውን ኣብ ኣስመራ ዝቕመጡ ዘለው'ን፡ ኩሉ ግዜ ብጸልማት ኣብ ገዛ ኢሰያስ ብፍልይቲ መኪና እናተማለሱ ከይሞተ ጸሎተ-ፍትሓት ዘብጽሑሉን፡ ምስቲ ኣብ እስራኤል ብትምህርቲ ስለያ ዝተመረቐ: ኣብ ግዜ ደርግ ድማ ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኮይኑ ኣብ እስራኤል ዘገልግል ዝነበረ: ሎሚ ድማ ኣብ እስመራ ዋርድያ ሃይማኖት ተዋህዶ ኮይኑ ንኢሰያስ ዝኸድም ዘሎ ንፍታሌም ውዲ ቀሺ ዲመጥሮስ ተሻሪኾም ብሓሶት ወንጂሎሞም። ደፊሩ ከኣ ምዓርጎም ክቕንጥጦም ኣብ ቤት ጽሕፈቶም መጺኡ ምሳኹም ዘሎ ንብረት: መስቀልኩምን ልብስኹምን ኣረክቡኒ ምስ በሎም: "ወጊዘካ እየ ውጉዝ ከም ኣርዮስ ኢኻ" ኢሎም ወገዝዎ። ውጉዝ ማለት ኣየስላማይ ኣይክርስትያን ሃይማኖት ዘይብሉ ኣረሚን ማለት'ዩ። ክሳብ ሎሚ'ውን ብሕጊ ኦሮቶዶክሳዊት ቤተክርስታይን ንፍታሌን ዲመጥሮስ ውጉዝ'ዩ ዘሎ። ካባኡ ንብጹእ ወቅዱስ ፓትርያርክ ኣባ እንጠንዮስ ብጭፍራ ጭውያን ቅንጸላን ኢህግዲፍ ክብሮምን መንፈሳዊ ምዓርጎምን ቀንጢጦም: ብጸልማት ካብ ቤት ጽሕፈቶምን ቤት መቕደሶምን ብቐስብ ከብኪቦም: ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝዳጎኑ ገበሩ። እቲ ፈሪሃ-እግዚኣቢሔር ዘይብሉ: ኣብ ኣንዳስዋን ኣንዳሜስን ዝዓበየ ጸሊም-ጣልያን ወዲ መድህን በራድ: ብኽም'ዚ'ምብኣር'ዩ ምስቲ ኩሉ ክቡር መንፈሳዊ መዓርጎም ከይዓጀቦ: ንብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ርእሰ-ሊቃነ-ጳጳሳት: ብሓሶት ኣመስኪሩ ክብሮምን ልዑላውነቶምን ቀንጢጡ: ብመንነት ቅልውላው ዘለዎ ፓትሪያርክ ተኪኡዎም ዘሎ።


ብሓልዮት መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ© 2009 ዓ.ም.

# ኵነታት ሃገርና ትማልን ሎምን ጽባሕን

**ቃለ-ምሕታት ምስ ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃ**

(9ይ ክፋል) ለንዶን *27* ሕዳር *2009* ዓ.ም



**ሕቶ**: እቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ወጻኢን ዘለው ካህናትን ድያቆናትንከ: ነቲ ምእሳር ፓትርያርክ ዓገብዶ ኣይብሉዎን'ዮም?

**መልሲ፡** ዘስደምም'ዩ። ሓደ ሰብ ብዘይ ርእሲ ህይወት የብሉን። ማለት ክሳዱ ኣንተድኣ ተቘሪጹ ክነብር ኣይክእልን'ዩ። ኢሰያስ መንፈሳዊ መራሒ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ኤርትራ እኳ'ዩ ሓይሩን ኣሲሩን ዘሎ። ካብ'ዚ ዝኸፍእ እከይን ነውርን ተግባር ድኣ ኣንታ'ዩ ክፍጽም። ምናልባት ባዕሉ ኣብ ቤተ ክርስትያን ኣትዩ ምቕዳስ ጥራይ እዩ'ኳ ተሪፉዎ ዘሎ። እዞም ብኢሰያስ ዝተወደቡ ሎሚ ኣብ ኤርትራን ኣብ ኣሜሪካን ኤውሮጳን ኣዋፈሩዎም ዘሎ መስቀል ተሰኪሞም ዝዞሩ ካህናት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን: ዝብሃሉ መብዛሕትኦም: ዘይተፈልጡ ኣባላት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.'ዮም። ፓትሪያርክ ዝኣኽሉ ተሓይሮም እናርእዩ ዓገብ ዘይብሉ። መስቀል ተሰኪሞም ነቲ ግዕዙይ ፌስቲቫል ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክባርኹ ዝውዕሉ። ኣስላማይ ኣንተሞተ ፍትሑዎ ተባሂሎም ክፈትሑ ሃሊየ-ሉያ ዝብሉ: ሞባእ ኣኪቦም ንኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዘረክቡ: ሰብ ሽኻኑጥ ኮረኔላት'ዮም እንተተባህሉ ሓሶት ኣይኮነን። ንስሙ ካህናት ዝብሃሉ: ግንከኣ ካብ መንፈሳዊ እምነት ኣንጊሆም ዘላገሱ ሃዋርያት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. እዮም። መሬት ኣንዳማቶም ኣናኣማስሑምን: መሳርፍ እናሰረፎምን: ሽጐጕጥ እናዓደልምን ዶይኮነን ኣብ ክንዲ ንኣምላኽ ንኢሰያስ ዘገልግሉ ዘለው። ሓደ መዓልቲ ግን ኣብ ኣኤርትራ ፍትሓዊ መንግስቲ ምስተተክኤ: ብህዝብን ብሲኖዶስን ብግቡእ ዝተቐብኡ መንፈሳዊ ፓትሪያርክ ወዲ-ሃገር ምስተሓርዩ: ብፍላይ ኣዞም ኣብ ወጻኢ ዘለው መንፈሳውያን-ማፍያታት ዓሳኽር ኢሰያስ እዚኦም መስቀሎምን ልብሶምን ከረክቡ'ዮም።

**ሕቶ**: ኩሎም ድዮም'ሞ ኲራኽር ኢሰያስ ኮይኖም ዘለው: ካን ዝቃውሙኽ ካልኦት የለውን ማለት ድዩ?

**መልሲ፡** ኣሎው'ባ። ክንርስዖ ዘይብልና ግን ሓደ ነገር ኣሎ። ኢሰያስ ሎሚ ሰብኣዊ መስል ኩሉ ሰብ'ዩ ዝግህስ ዘሎ። ኣብ ልዕሊ ካህናትን ድያቆናትን'ውን ኣንታይ ይፍጸም ኣሎ፡ ንክትዛረበሉ ኣዝዩ ዘስድምም'ዩ። ንዝቃውምዎ ካህናት ኣብ ኣብያተ-ማሕቡስ ዳጕንዎም ኣሎ። ንድያቆናት ካብ ገዳማትን ኣድባራትን ኣናገፈፈ ኣብቲ እንስሳ-ዘግዳም ዝነብሩሉ በረኻታት ሳዋ ዘሪውዎም ኣሎ። ነቶም ኲራኹሩ ካህናት ድማ ብጸልማት ሽጕጥ እናኣዕጠቐም መዓርግ ኲረኔላት ሸይሙዎም ኣሎ። ኣምበር ምቅዋምስ ኣብ ኤርትራ ኩሉ ግዜ ኣሎ። ሕሱም ገዛኣኢ ድኣ ቀዲሙዎም ስለ ዝጸንሐ ኣምበር።

**ሕቶ**: ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኢሰያስ ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዎ እንድ'ዩ ድኣ ዝብሃል። ነዚኸድኣ ብኸመይ ትገልጹዎ?

**መልሲ**: ተዋህዶ የማዕብል ኣሎ ዝብል ጽውጽዋይ ዝኾነ ዕላል ንኽትሰምዕ ኣዝዩ ዘጸይፍ እዩ። ንድያቆናት ካህናትን ገፊፉ ንሳዋ ዝዘርዕ መንግስትስ ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዋ ክብሃል ሃየንታዶ ኣይኮነን። እዞም ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዋ እናበሉ ፕሮፓጋንዳ ዝነፍሑ ሰባት ንባዕሎም ኹራኸር ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ጥራይ እዮም። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝገብሮ ዘሎ ነውሪ ከይኣኽሎስ: ኣብ ወጻኢ ሃገራት ኣዋፊሩ ድያብሎሳዊ ስራሕ ይሰርሕ ኣሎ። ንቅዱስት ገዳማትን ኣድባራትን መዓስከር ወተሃደራቱ ክገብሮ ዝመደብ መንግስትስ: ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዋ ክብሃል መርገምዶ ኣይኮነን። ካብ'ዚ ዝኸፍእ ርኽሰትን ገበንሲ እንታይ እዩሞ ክመጽእ። ስለምንታይከ ነዚ ኵሉ እከይ ግብሪ'ዚ ይፍጽም ኣሎ ንዝብል ሕቶ ግን፣ እዚ-ሰብዚ ተጸሊሉ ወይ ዓቢዱ ኣይኮነን። ኣንታይ ድኣ ልኡኽ <u>ባዕዳዊ-ገዛኢ</u> ኮይኑ መልእኽቲ ዓሰብቱን ወደብቱን ተዓጢቑ ዘተግብር ዘሎ እዩ። እዚ ድማ ንፖለቲካዊ መስርሕ ኤርትራ ንዝከታተል ሰብ ርዱእ'ዩ።

**ሕቶ፥** እዚ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ረቒቕ ዘመተ: "<u>ጸሊም ኮሎንያል መግዛእቲ</u>" ንኢሰያስ ድማ "<u>ጸሊም ጣልያን</u>" ኢልካዶ ክጽዋዕ ይክእለ ይመስለኩም?

**መልሲ:** ብርግጽ እዚ-ሰብዚ ብሓቂ "ጸሊም-ጣልያን" ጥራይ ዘይኮነስ: ጸሊም-ኣርዮስ ኣንተተባህለ'ውን ዝግብኦ ስም'ዩ። ንዝመራመርን ንዘስተውልን ሰብ እኮ: ኮሎንያል ጣልያን ክፍጽሞ መዲቡዎ ዝነበረ ፕሮጀክት: ሎሚ ድሕሪ ፍርቂ-ዘመን ኢሰያስ ቀጺሉ የተግብሮ ከምዘሎ ክርዳእ ይኽእል'ዩ። ዓላማ ኮሎንያል ጣልያን ጥራይ ዘይኮነስ: ሎሚ'ሞ ከኣ ኢሰያስ ንሕልሚ ግሎባል ገበቲ ሃገራት ንኸተግብር: <u>ጸራግ መንገዲ</u> ኮይኑ'ዩ ዘገልግሎም ዘሎ ክብሃል ይከኣል'ዩ።

**ሕቶ፥** ኣንታይዳ'ዩ'ሞ ዝግበሮ? ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ጸሊም-ጣልያንን ዝካየድ ዘሎ መግዝእቲ ብኸመይ እዩ ሓራ ክወጽእ ዝኽእል?

**ሕቶ: ድሓርከ ኤርትራዊ መበቈል ዘለዎም ፓትሪያርክ'ዶ ተመርጹ?**

**መልሲ:** ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ <u>ብጹእ ወቕዱስ ኣቦና ፓትሪያርክ ኣንጠንዮስ</u>፡ ብ *200* ዓበይቲ ኣቦታት መነኮሳትን ሊቀ-ካህናትን ካህናትን ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ብውወዒ ብ*199* ድምጺ ሓደ ካብቶም *5* ንጽጽስና ዝተሓርዩ ነበሩ። እዞም ሕጂ ዘለው ግን ኢሰያስን ንፍታሌን ዲመጥሮስን ብኢደወነኖም ኣልዒል ኣቢሎም ዝመረጽዎም'ዮም። ኤርትራዊ መበቈል ከምዘይብሎም ሓበሬታ ኣሎኒ። ብዓዶም ዝኾርዑ እንተኸይኖም ድማ ኣነጺሮም እዚ'ዩ ዓደይ ይበሉና። ክሳብ ሎሚ ግን ዓዶም ኣይንፈልጦን ኢና። ኢሰያስ ባዮግራፊ ናቶም እንተዝነግረና'ውንኮ ምቐሰና። እቶም ሊቀጳጳሳት ናይ እስክንድርያ ጳጳይ ሲነዶስ: ነዞም ሕጂ ብኢሰያስን ብንፍታሌን ዲመጥሮስን ዝተሸሙ ሓዲሽ ፓትሪያርክ: እንኳን ከም ፓትሪኣርክ ከም ኣቡን'ውን ኣይፈልጥዎን'ዮም። ብወግዒ ድማ ነቶም ኣነ ዝቐባኣኩዎም <u>ብጹእ ወቕዱስ ፓትሪያርክ ኣንጠንዮስ ዘሃገረ ኤርትራ ጥራይ እየ ዝፈልጥ ኢሎም መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም'ዮም። ብሲኖዶስ ዘይተባረኸን ዘይተቐብሌን ዘይርጉእ ምዓርግ'ዩ ዘለዎም። ፓትርያርክ ኢሰይስን</u> ንፍታሌን ዲመጥሮስን'ምበር <u>ፓትርያርክ ዘሃገረ ኤርትራ ግና ከቶ ኣይኮነን</u>። ህዝቢ ኤርትራ ሓጥያቱ ግዲ ዘይተወዳኤ ኮይኑ: ብዞም ምጻእተኛታት መራሕቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን: ኢሰያስ ዝቐብኦም መራሕቲ ሃይማኖትን እዩ ተዋሪዱ ዘሎ።

**ሕቶ:** ስለምንታይን ብከመይን ድኣ ተኣስሩ?

**መልሲ፥** እቶም ብትምህርቲ ስለያ ዝተመረቐ ወዲ ቀሺ ዲመጥሮስ "ፓትሪያርክ" ኢሉ ዝሸሞም ሕጂ ዘለዉ ኣቡን ግና: ኣበይ ከም ምኳኑ ዓዶም ክሳብ ሕጂ ዝፈልጦ የብለይን: ኤርትራዊ ከምዘይኮኑ ግና ሓበሬታ ኣሎኒ።

**ሕቶ:** ልዑላውነትን ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ምድፋርን ምቕንጣትን ድኣ ምስ ምቕንጣጥ ልዑላውነት ሃገር ኤርትራ ኣንታይ ኣዛመዶ?

**መልሲ፥** ወይለከይ! ይዛመዶ'ምበር: ከመይድኣ ዘይዛምዶ። እቶም ቀንድን ረቛሕትን ትካላት ልዑላውነት ሓንቲ ሃገር ኣየኖት ድዮም? ብቐዳምነት ክብርን ልዑላውነትን ሃይማኖት ደይኮነን። ልዑላውነት መሬት ደቂ-ዓዲ: "መሬት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ." እንድዩ ተባሂሉ። ደቂ ሃገር ሓሪሶም ዘፍርዩሉ መሬቶም ኣንተድኣ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. መንዚዑዎም: እቲ ትርጉም ሃገር ድኣ ኣበየሎ? ሕግን ስርዓትን ወይ ሕጊን-ዳባ ሓደ ሃገር ኣንተዘየል'ዩ ፍርድን ቤት ፍርድን ተደምሲሱ ደይኮነን። እታ ሃገር ጀጋኑ ደቃ ኣብ ኣብያተ-ማሕቡስ ንሕልፈታት ብዘይፍርዲ ክምሽምሹ ከለው: ሃገር ዘይትብጽሖም ጓኖት ድማ ክዕንድሩላ ከለው: እዚስ ምቕንጣጥ ልዑላውነት ሰብኣዊ-ዋጋን ሰብኣዊ-መሰልን ዶይኮነን። ካብ'ዚ ዝኸፍእ ግህሰት ልዑላውነት ሰብኣዊ መሰልከ ኣብ ዓለም ኣሎድ'ዩ። ልዑላውነት ኣውራጃታት ኤርትራ ተድምሲሱ ብዞባታት እንድ'ዩ ተተኪኡ። ንኣምላኽ ዝሓረዮም መንፈሳዊ መራሒ ሃይማኖት ኤርትራ ፓትሪያርክ ዝኣኽሉ: ኣንተድኣ ተሓይሮም ካብ'ዚ ዝኸፍእ ምቕንጣጥ መንፈሳዊ ልዑላውነትዶ ኣሎ'ዩ።ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ካብ ውሉድ ወለዶ ኣናተዋራረሰ ዝጸንሔ: እሞ ዝሓለፉ ባዕዳውያን ገዛኣቲ ዘይደፈሩዎ: ክቡርን ጭዋን ዝኾነ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ: በቲ ዝበለየ ባህሊ ስታሊንን ማኦን ደይኮነን ተተኪኡ ዘሎ። እዚኸ ከምቲ ዓዋሉ ኣፈ-ጨሌ መራሕቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዝብሉዎ "ምዕባሌ'ዩ" ተባሂሉ ደይኮነን ዝሕጨጨሉ ሀሎ። ስለዚ ብሓጺሩ: እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ትካላት ልዑላውነት: ኣብ ኤርትራ ስለዘየለው: ኤርትራ ከም ሃገር ኣላ ምባል

ተዋስኦ ጥራይ እዩ። "ድሕሪ ሰለፋ ኣንታይ ተረፋ" ዶይኮነን ኮይኑ ዘሎ። ብርግጽ ኢሰያስ ንልዑላውነት ህዝብን ሃገር ኤርትራ ድሮ ቀንጢጡዎ እዩ። ነዛ መለለዪ ትካላታ ዝፈረሰት ኤርትራ እዩ'ምብኣር: እቲ ገርህኛ ኤርትራዊ "ነጻ ኤርትራ ኣላትና" ኣናበለ ዝሓልም ዘሎ። ኤረ ጌና፥ ዕድመ እንተሂቡናስ ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ኣብ ኤርትራ ካልእ ክንርኢ'ና። ጽባሕ ብጊሓት ኣዚ-ሰብዚ ብገለ ኣንተድኣ መሊቑ ሃጽ ኢሉ ጠፊኡ: ምሉእ ዘይጕዱል ናትና ጸጋ ከሎና: እቶም ጕይቶት ኢሰያስ ግና: "የብልኩምን ከም ሃገር ከኣ ክትፍለጡ ኣይትበቕዑን ኢኹም" ከይብሉና ጥራይ እዩ ዘፍርሓና ዘሎ።

**ሕቶ**: እቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ወጻኢን ዘለው ካህናትን ድያቆናትንከ: ነቲ ምእሳር ፓትርያርክ ዓገብዶ ኣይብሉዎን'ዮም?

**መልሲ፡** ዘስደምም'ዩ። ሓደ ሰብ ብዘይ ርእሲ ህይወት የብሉን። ማለት ክሳዱ ኣንተድኣ ተቘሪጹ ክነብር ኣይክእልን'ዩ። ኢሰያስ መንፈሳዊ መራሒ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ኤርትራ እኳ'ዩ ሓይሩን ኣሲሩን ዘሎ። ካብ'ዚ ዝኸፍእ እከይን ነውርን ተግባር ድኣ ኣንታ'ዩ ክፍጽም። ምናልባት ባዕሉ ኣብ ቤተ ክርስትያን ኣትዩ ምቕዳስ ጥራይ እዩ'ኳ ተሪፉዎ ዘሎ። እዞም ብኢሰያስ ዝተወደቡ ሎሚ ኣብ ኤርትራን ኣብ ኣሜሪካን ኤውሮጳን ኣዋፊሩዎም ዘሎ መስቀል ተሰኪሞም ዝዞሩ ካህናት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን: ዝብሃሉ መብዛሕትኦም: ዘይተፈልጡ ኣባላት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.'ዮም። ፓትሪያርክ ዝኣኽሉ ተሓይሮም እናርእዩ ዓገብ ዘይብሉ። መስቀል ተሰኪሞም ነቲ ግዕዙይ ፈስቲቫል ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክባርኹ ዝውዕሉ። ኣስላማይ ኣንተሞተ ፍትሑዎ ተባሂሎም ክፈትሑ ሃሊየ-ሉያ ዝብሉ: ሞባእ ኣኪቦም ንኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዘረክቡ: ሰብ ሽንኵጥ ኮረኔላት'ዮም እንተተባህሉ ሓሶት ኣይኮነን። ንስሙ ካህናት ዝብሃሉ: ግንከኣ ካብ መንፈሳዊ እምነት ኣንጊሆም ዘላገሱ ሃዋርያት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. እዮም። መሬት ኣንዳማቶም ኣናኣማስሑምን: መሳርፍ እናሰረፎምን: ሽጐጕጥ እናዓደልምን ዶይኮነን ኣብ ክንዲ ንኣምላኽ ንኢሰያስ ዘገልግሉ ዘለው። ሓደ መዓልቲ ግን ኣብ ኤርትራ ፍትሓዊ መንግስቲ ምስተተክኤ: ብህዝብን ብሲኖዶስን ብግቡእ ዝተቐብኡ መንፈሳዊ ፓትሪያርክ ወዲ-ሃገር ምስተሓርዩ: ብፍላይ ኣዞም ኣብ ወጻኢ ዘለው ዓሳኽር ኢሰያስን መንፈሳውያን-ማፍያታትን እዚኦም: ተወጊዝኩም ኣኢኹም መስቀልኩምን ልብስኹም ከረክቡ ክብሃሉ'ዮም።

**ሕቶ**: ኩሎም ድዮም'ሞ ኰራኾር ኢሰያስ ኮይኖም ዘለው: ካን ዝቃውሙኽ ካልኦት የለውን ማለት ድዩ?

**መልሲ፡** ኣሎው'ባ። ክንርስዖ ዘይብልና ግን ሓደ ነገር ኣሎ። ኢሰያስ ሎሚ ሰብኣዊ መስል ኩሉ ሰብ'ዩ ዝግህስ ዘሎ። ኣብ ልዕሊ ካህናትን ድያቆናትን'ውን ኣንታይ ይፍጸም ኣሎ፥ ንክትዛረበሉ ኣዝዩ ዘስድምም'ዩ። ንዝቃውምዎ ካህናት ኣብ ኣብያተ-ማሕቡስ ዳጕንዎም ኣሎ። ንድያቆናት ካብ ገዳማትን ኣድባራትን ኣናገፈፈ ኣብቲ እንስሳ-ዘግዳም ዝነብሩሉ በረኻታት ሳዋ ዘሪዑዎም ኣሎ። ነቶም ኰራኾሩ ካህናት ድማ ብጸልማት ሽጕጥ እናኣዕጠቖም መዓርግ ኰረኔላት ሸይሙዎም ኣሎ። ኣምበር ምቅዋምስ ኣብ ኤርትራ ኩሉ ግዜ ኣሎ። ሕሱም ገዛኣኢ ድኣ ቀዲሙዎም ስለ ዝጸንሐ ኣምበር።

**ሕቶ**: ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኢሰያስ ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዎ እንድ'ዩ ድኣ ዝብሃል። ነዚኸድኣ ብኸመይ ትገልጹዎ?

መልሲ: ተዋህዶ የማዕብል ኣሎ ዝብል ጽውጽዋይ ዝኾነ ዕላል ንኽትሰምዕ ኣዝዩ ዘጸይፍ እዩ። ንድያቍናት ካህናትን ገፊፉ ንሳዋ ዝዘርዕ መንግስትስ ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዋ ክብሃል ሃየንታዶ ኣይኮነን። እዞም ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዋ እናበሉ ፕሮፓጋንዳ ዝነፍሑ ሰባት ንባዕሎም ኾራኾር ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ጥራይ እዮም። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝገብሮ ዘሎ ነውሪ ከይኣኽሎስ: ኣብ ወጻኢ ሃገራት ኣዋፊሩ ድያብሎሳዊ ስራሕ ይሰርሕ ኣሎ። ንቕዱስት ገዳማትን ኣድባራትን መዓስከር ወተሃደራቱ ክገብሮ ዝመደብ መንግስትስ: ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዋ ክብሃል መርገምዶ ኣይኮነን። ካብ'ዚ ዝኸፍእ ርኽሰትን ገበንሲ እንታይ እዩሞ ክመጽእ። ስለምንታይከ ነዚ ዂሉ እከይ ግብሪ'ዚ ይፍጽም ኣሎ ንዝብል ሕቶ ግን፣ እዚ-ሰብዚ ተጸሊሉ ወይ ዓቢዱ ኣይኮነን። ኣንታይ ድኣ ልኡኽ <u>ባዕዳዊ-ገዛኢ</u> ኮይኑ መልእኽቲ ዓሰብቱን ወደብቱን ተዓጢቑ ዘተግብር ዘሎ እዩ። እዚ ድማ ንፖለቲካዊ መስርሕ ኤርትራ ንዝከታተል ሰብ ርዱእ'ዩ።

**ሕቶ፡** እዚ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ረቂቕ ዘመተ: "<u>ጸሊም ኮሎንያል መግዛእቲ</u>" ንኢሰያስ ድማ "<u>ጸሊም ጣልያን</u>" ኢልካዶ ክጽዋዕ ይክእለ ይመስለኩም?

**መልሲ**: ብርግጽ እዚ-ሰብዚ ብሓቂ “ጸሊም-ጣልያን“ ጥራይ ዘይኮነስ: ጸሊም-ድያብሎስ ኣንተተባህለ’ውን ዝግብኦ ስም’ዩ። ንዝመራመርን ንዘስተውዕልን ሰብ እኳ: ኮሎንያል ጣልያን ክፍጽሞ መዲቡዎ ዝነበረ ፕሮጀክት: ሎሚ ድሕሪ ፍርቂ-ዘመን ኢሰያስ ቀጺሉ የተግብሮ ከምዘሎ ክርዳእ ይኽእል’ዩ። ዓላማ ኮሎንያል ጣልያን ጥራይ ዘይኮነስ: ሎሚ’ሞከኣ ኢሰያስ ንሕልሚ ግሎባል ገበቲ ሃገራት ንኽተግብር: ጸራግ መንገዲ ኮይኑ’ዩ ዘገልግሎም ዘሎ ክብሃል ይከኣል’ዩ።

**ሕቶ፡** ኣንታይዳ’ዩ’ሞ ዝግበር? ህዝቢ ኤርትራ ካብ’ዚ ጸሊም-ጣልያንን ዝካየድ ዘሎ መግዝእቲ ብኸመይ እዩ ሓራ ክወጽእ ዝኻል?

ኣብ ዝቕጽል……………….